*Remembering unique Eritreans in contemporary history*

*A*

*short biographe*

*Of*

# *Ayte Weldedingel Gedlu*



*Source: Tigrinja book ማሰን መልቀስን ቀዳሞት*

*By*

*Solomon Tsehaye*

*2012*

Asmara, Eritrea 2012

ጀጋኑና ንዘክሮም

ሓጺር

ታሪኽ ሂወት

# ኣይተ ወልደድንግል ገድሉ



ካብ መጽሓፍ ናይ ሰሎሙን ጽሃየ

ማሰን መልቀስን ቀዳሞት

2012

ኣስመራ ፣ ኤርትራ

2012

# ዝርዝር ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ዉልቃዊ ሓበሬታ | 155 |
| ክንፍተን | 156 |
| ጽንጽያ | 157 |
| እምባዶ ኸብለካ | 158 |
| ክንቲባ ያለው | 160 |
| ሎሚ ኣይነግሮን | 161 |
| ግደ | 162 |
| ቀለሙ ፣ ሃይሉ ቅብጥር ፣ ደምነትዶ ይበሊ ፣ እንታይ ይዓብስ ጻዕቂ ፣ ብላታ ስብሓት | 163-167 |

# ኣይተ ወልደድንግል ገድሉ

ወዲ ወዶም ንኣይተ ወልደድንግል፡ ባሻይ ሓጐስ ዕቑባኡ፡ ኣቦሓጎኦም ኣብ ኣስታት 85 ዓመት ዕድሚኦም ኣብቲ ጣልያን ንኤርትራ ዝሕዘሉ ዝነበረ መወዳእታ 1880ታት ሞይቶም ክብሃል ይሰምዑ ከም ዝነበሩ ብዝሃቡዎ ሓበሬታ፡ ኣይተ ወልደድንግል ኣብ መጀመርታ 19 ዘመን ብ1803 ኣቢሎም ከም ዝተወልዱ ክግመት ይከኣል። ዓዶም መስሓል (ወደከለ) እዩ። ሓደ ኻብ'ቶም ውሑዳት ምስ ታሪኾምን ሰነ

ግጥማዊ ፍርያቶምን ድሕሪ ሞቶም ንልዕሊ ሚእትን ዕስራን ዓመት ኣብ ዝኸሪ ሕብረተ ሰብ ክጸንሑ ዝኸኣሉ ዓበይቲ ማሰኛታት ሃገርና ኸኣ እዮም።

ወልደድንግል፡ ኣቦኦም ቀሺ ገድሉ ይኹኑ ኣቦሓጎታቶም ኣቕሽሽቲ ስለ ዝነበሩ'ኳ ኣቦኦም ትምህርቲ ክህነት ቀሲሞም ቀሺ ክኾኑ ይደልዩዎም

እንተ ነበሩ፡ ገና ብቜልዓኦም ማሰ ናይ ምባል ዝንባለ ስለ ዝሓደሮም አድህቦኦም ናብ ግጥሚ ነበረ። ማሰኛ ክኾኑ እናደለዩ ኸለዉ እዩ ኸኣ፡ ሓደ ጊዜ፡ ኣብ ድቃሶም በዚ መጺኡ ዘይበሉዎ ደሃይ፡ "ክህነት ደሓን ግደፎ፡ ማሰን መልቀስን'ዩ ኸፍልካ [መባልዕትኻ]" ኢሉዎም ዝብሃል። እዚ ብሕልሚ ስሚያሞ ዝብሃል ዘረባ ጽሕፍቶኦም ክነግር ብኣምሳኽ ከም ዝተሰደ ቃል ጌሮም ስለ ዝወሰዱዎ ድማ፡ ብንእስነቶም ኣብቲ ፈጣርየይ ባሪኹለይ እዩ ኢሎም ዝሓሰቡዎ ሞያ ኣተዉ። ኣዝዮም ፍሉጥ ማሰኛ ናይቲ ዝነበሩሉ መዋእል ንምኻን ከኣ በቕዑ። ካብ'ቶም ኣብ መዋእሎም ዝነበሩ ማሰኛታት ድማ፡ ምስ ሹም ዕቍቢት ግርሙ ፍሉይ ናይ ሞያ ምሕዝነት ከም ዝነበሮም ይዝረብ። ሓንቲ ኻብ'ተን ክልቲኦም ብሓባር ተረኺቦም ዘልቀሱለን ዝብሃላ ቐብርታት ከኣ ሓመድ ድብ ናይ ኣይተ እምነቱ ወዲ ኣይተ ስእሉ (መስሓል ወደክለ) እያ።

❁

ሒማን ሰበይቲ ወሰንን፡ ክልተ ኣንስቲ ዝነበራኦም ሰብኣይ፡ እተን ሒማኦም ሞይተን ቀብሪ ይኸውን'ሞ ብንእሽቶኦም ንነገራት ብግጥሚ ናይ ምግላጽ ዝንባለ ዘሕደሩ ወልደድንግል፡ ገና ዓሳ ኸለዉ፡ በቲ ኣብ ውሽጦም ክዕቍር ዝጸንሐ ወየ ናይ ምባል ድልየት ተደፊኦም ናብቲ ብቐባሮ ዝተኸበበ ቕርዓት ጠኒኖም ብምእታው ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱ ይብሃል።

**ክንፍተን**

ክነልቅስዶ ኸዓየ ክንፍተን
ክንነግረለንዶ ኸዓየ ክንፍተን
እምቤትና ወርቂ ዝዓራተን
ራእስን ደገዝማትን ዘቦታተን
እተጌን ወይዘሮን ዝኖታተን
ኣላገን ስምብልያን ደቂ ኸብተን
ንድኻታት መውጽኢት ክረምተን
በሊዕካዮ ዘይውዳእ ሃብተን
ሂወትዶ ኣየውዕልን'ዩ በርከተን!

ኣነ ዝገርመኒ'ተን ብጩይተን
ይኹሓላ'ለዋ ተሰልቲተን
ይቑነና'ለዋ ተሰልቲተን
ዘይትመጸን መሲሉወን'ታ መዓልተን።

እተን "... ይቑነና'ለዋ ተሰልቲተን፡ ዘይትመጸን መሲሉወን'ታ መዓልተን፡" ዝበሉለን ካልኣይቲ ሰበይቲ ብዘረባኦም ተቐይመን ስለ ዝነበራ፡ ሓደ መዓልቲ ኣጸዊዐን ንምንታይ ከምኡ 'ኽም ዝበሉ ሓተታኦም። ንሶም ከኣ፡ ክቑነናን ክኹሓላን ብዓይኖም ርእዮመን ዘይኮነስ ናይ ዓለም ነገር ከምኡ እዩ ብዝብል ሓሳብ እቲ መልቀስ ኣብ ኣፎም ከም ዝመጸሎም መለሱለን። ንሰን ድማ ትቕብል ኣቢለን፡ "ኣብ ኣፍካ ዝመጸካ እንተ ኾይኑስ በል ነዚ ጽንጽያ ግበረሉ፡" በላኦም ናብ ሓደ ብቕድሚኦን ዝሓልፍ ዝነበረ ሃመማ እናመልከታ። ወልደድንግል ኣልግብ ኣቢሎም፡

**ጽንጽያ**

ጽንጽያ'ታ ጽንጽያ ጽንጽያ
ግንቦት ትውለድ ቅነ ጥዕያ[1]
መስከረም ትውለድ ቅነ ጥዕያ
ዘይዕውንውን ዘይብልኻ ሞያ
ከሳፍ ወይዘራዝር ከፉት መኽምብያ
ትሕቲ እምበይተይ ንስኻ ትርእያ፤

ክብሉ ንሃመማ ናቱ ሂቦም ማሰ ምስ በሉሉ ኸኣ፡ እተን ወይዘሮ ብኽእለቶም ተደኒቐን፡ ካልእ ከየስዕቡለን እናፈርሓ ኣብ ኢደን ዝነበረ ህያብ ወፍየን ኣፋነዎኦም ይብሃል።

❁

ኣይተ ገብረኣምላኽ ስእሉ ዝብሃሉ መስሓል ዝዓዶም ሹመኛ ወደከለ ሞይቶም ዝገደፉዎ ስልጣን ንኽወርሱ ሃይሉን እምነቱን ዝብሃሉ ኣሕዋቶም ተወዳደሩ። ኣይተ ወልደድንግል፡ እታ ሽመት፡ ፈታዊኦም

---

[1] ጥዕያ = ጸባ። ንኣብነት፡ "በዓል ጥዕያ ክይዘሓላኻ፡ በዓል ቆሎ ክይኣወላኻ" ዝብሃል ምስላ'ሎ ።

ዝነበሩ ኣይተ ሃይሉ ክወስዱዋ ስለ ዝደለዩ፡ ንሃይሉ መሪጸ'ለኹ ኢሎም ብዙሕ ሰዓቢ ብምርካብ ኣምሪጹዎም። ኣብ ርእሲ'ቲ ዘይፋተዉ ምጽናሖም፡ ኣይተ ወልደድንግል ንኣይተ ሃይሉ ምስ ኣምሪጹዎም፡ ኣይተ እምነቱ ንኣይተ ወልደድንግል ብዙሕ ጸልኡዎም። ከምኡ ኢሎም ክጸንሑ ክጸንሑ ኸኣ፡ እቶም ጨቀኑና ተባሂሎም ክሕመዩ ጀሚሮም ዝነበሩ ኣይተ ሃይሉ ብግምት ብ1850ታት ሞቱ'ሞ ኣይተ ወልደድንግል ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱሎም።

**እምባዶ ኸብለካ**

እዛ መልቀስካ በየን ክጅምራ
እምባዶ ኸብለካ እምባ ምራራ
ኣርዑት ሓጺን መጽረዪ ፍራራ
ለይቲ ዝሓሰባ ቐትሪ ይገብራ።

እምባዶ ኸብለካ እምባ መጠራ
ብጊሓቱ ጻድቃን ዝሰፈራ።

እምባዶ ኸብለካ እምባ ሰንዓፈ
እንካብ ኣቦታቱ ዘይሓለፈ
እንካብ መሓዙቱ ዘይሰነፈ።

እምባዶ ኸብለካ እምባ ሳይም
ዝባን ሰብኣይ ጸጊኡ ዝኣይም
ሎርንዒት ዘጽግቦም ከም ሓያይም
ሓዘን መጺ ምስ ሰብ ዘቀያይም።

እምባዶ ኸብለካ እምባ ከሽዓት
ኣርዑት ሓጺን መጽረዪ ዝራብዓት
ብኸሳዶም ዝሕሶም ከም ገዓት
ሕቖኦም ዝሰብሮም ከም መንድዓት።

እምባዶ ኸብለካ እምባ ዘርኢ ሞሲ
ሰይጣን ቀላይ ራዛ ዘየናሕሲ።

እምባዶ ኸብለካ እምባ በሽማዕቲ
ጥዑም ቃና ከም ስርኤል ለይቲ
ወቓዕ ገምበር ከም ሰይጣን በዓቲ፡

ኵብኵብካ ተእትዎም ከም ከብቲ
ኣብ ጐረሮኦም ትሓድር ከም ዓለቕቲ።

እምባዶ ኽብለካ እምባ ኣጕረረ
ብእጕሞ ዝዓብጠም ከየንፈረ
ኣጽኒዑ ዝሕዞም ከም ኣረ[1]።

እምባዶ ኽብለካ እምባ ዳልኽ
ብሓንቲ ጕራደ ሽሕ ዝመልኽ
ሞይትካዶ ተወዲኡ ህልኽ፣
ሽመት ገረኣምላኽ እዙዝ ብሩኽ
ሽመት ቍርጺ ሃይሉ ሕረድ ማርኽ
ሽመት እምነቱ ብመሓልኽ።

እምባዶ ኽብለካ እምባ ናይ ዓድና
ኣብ ዓቐብ ዝብሉኻ ኣደይበና
ኣብ ቍልቁል ዝብሉኻ ኣውረደና
ገረኣምላኽ ጸሓይ ሃይሉ ማና
ኣንቱም ዓድና ኣንቱም ዓድና
ወዮ ትብሉ ኔርኩም ሓይሉና
ወዮ ትብሉ ኔርኩም በርቲዑና
እንተ ተኻኢላስ ህዩ ሂና[2]።

እዛ፡ "እምባዶ ኽብለካ" ትብል መልቀስ ኣይተ ወልደድንግል፡ ኣብ ካልኣይ ቀብሪ ኣይተ እምነቱ ዘልቀሱዋ እያ ዝብሉ ሰባት ኣለዉ። ባሻይ ሓጐስ ዕቑባኡ ግን፡ እቲ ሓቂ ከምኡ ከም ዘይኮነ እዮም ዝገልጹ። ኣብ ካልኣይ ቀብሪ ኣይተ እምነቱ ዘልቀሱዋ "ገደ" ምኻና፡ "እምባዶ ክብለካ" ግን ንኽብርን ዝኽርን ናይ'ቶም ፈታዊኦም ዝነበሩ ኣይተ ሃይሉ ዘልቀሱዋ ከም ዝኾነት ጸቒጦም ይዛረቡ። መግለጺኦም ብዓ'ቕጻል'ውን፡ "ህዝቢ፡ ብምምሕዳር ኣይተ ሃይሉ ኣብ ምምራር በጺሑ ስለ ዝነበረ እዩ ኸኣ፡ ምስ ሞቱ፡ እምነቱ እንተ ሕሹኩምስ ሕጂ ንርኢ ንምባል፡

---

[1] ኣረ = ኣራዊት። ንኣብነት፡ ንተመን ኣራዊት ምድሪ ንምባል ሓደ ሓደ ጊዜ ኣረ ምድሪ ይብሃል'ዩ።

[2] ሂና = ኣብ ክባቢ ታት ወደኩለን ሽመጃናን እንሆት ንምባል ዝዝውተር ቃል።

'ኣንቱም ዓድና ኣንቱም ዓድና
ወዮ ትብሉ ኔርኩም ሓይሉና
ወዮ ትብሉ ኔርኩም በርቲዑና
እንተ ተኻኢላስ ሀዪ ሂናን'

ኢሎም መልቀሶም ዝዛዘሙ፣" ይብሉ።

ዘረባ ባሻይ ሓጐስ ዝያዳ ሓቅነት ዘለዎ ይመስል፣ ምኽንያቱ፡ "እምባዶ ክብለካ" ካብ ንኣይተ እምነቱ ንኣይተ ሃይሉ እያ ተባሂላ ኢልካ ክትኣምን ይቐርብ። ኣይተ ወልደድንግል፡ ነቶም ስልጣኖም ተጠቒሞም ዘከላበቱዎም ኣይተ እምነቱ "እምባዶ ክብለካ" እናበሉ ማዕረ ኽንድ'ዚ ክንእዱዎም ምስቲ ነቓፍን ዘይተመሻኸንን ባህሪኦም ፈጺሙ ዘሳኒ ኣይኮነን። "ገደ" ግን፡ ጸኒሕና ከም እንርእያ ነቲ ኣብ መንጎ ኣይተ ወልደድንግልን ኣይተ እምነቱን ዝነበረ ዘይቅዱው ዝምድናን ኣይተ ወልደድንግል ኣሕዲሮሞ ዝነብሩ ቅሬታን ተንጸባርቕ እያ።

✹

ኣይተ እምነቱ ስእሉ፡ ድሕሪ ሞት ሓዎም ኣይተ ሃይሉ ይሸየሙ'ሞ ንኣይተ ወልደድንግል ይጻብኡዎም። ብሰንኪ'ቲ ባእሲ ኣይተ ወልደድንግል ዓዶም ገዲፎም ዝተቐመጡሉ ጊዜ ከም ዝነበረ'ውን ይዝንቶ። ኣይተ እምነቱ ንኽንቲባ ያለው ሰለሙን ሰዒሮም ነኽራን ክገዝኡ ሃቂኖም ኣይቀንየምን። ጸኒሑም ክንቲባ ያለው ምስ ሞቱ ኽኣ፡ ኣይተ ወልደድንግል ናብ ኣኽራን ክይዶም ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱ።

**ክንቲባ ያለው**

ዓዲ ሽሆ ዝብሉዋ ሓሸዋ
ጸሊም ቀላይ ዝብሉዋ ሓሸዋ
ሉልን ዘውድን ተቐቢሩ'ለዋ፡
ከመዓልኩም ክንቲባ ያለዋ
ደም ሰብኡት ትሰትዩ ከም ሰዋ
ኣዳራሽኩም ክልተ ሰለዋ[1]።

---

[1] ሰለዋ = ፈረስ ወይ በቕሊ እትእሰረሉ ክፋል ውሽጢ ገዛ፡ ጋሮ፡ ጋጽ።

መስሓል ኣኸራን ዝብሉዋ ሓሸዋ
ላዕለዋይ ይደሊ ክዕንዋ
ታሕተዋይ'ውን ይደሊ ክዕንዋ
ጢና ቑርጮ[1] ኣይትቀናዘዋ
እንዳ ድሙዶ ትኣቱኣ ኣንጭዋ
እንዳ ኣንበሳዶ ይኣቱኡ ጣዕዋ
ያለው እንተ ሞተ ባይሩ[2]'ለዋ።

"ክንቲባ ያለው እንተ ሞቱ'ውን ወዶም ባይሩ ስለ ዘለዉ ኣኸራን ኣይትድፈርን'ያ ዝብል ሱር ዘለዎ መልቀስ ናብ ኣይተ እምነቱ ዝደርበዩ ኣይተ ወልደድንግል ወረ መልቀሶም ሓሊፉ ስለ ዝጸንሐ፣ ንዓዲ ምስ ተመልሱ፣ ኣይተ እምነቱ፣ 'ንኣይዶ በንጭዋን ጣዕዋን ይምስለኒ፧' ኢሎም ሓይሎም ክርእዩ ኣሰሩዎም። ብላታ ገብረ ዝበሃሉ ሰብኣይ ጓሎምን ኣማኻሪኦምን ብዝኣለሙዎ ውዲት ከዓ፣ ምእንቲ ክጕህዩዎም ንዕኦም ፈቲሖም ኳሕላ ትበሃል ዝጸበወት ላሞም ወሲዶም ሓሪዶምሎም፧" ይብሉ ባሻይ ሓጐስ። እዚ ምስ ተወሰኸ እቲ ጽልኢ መሊሱ ገደደ። ክምኡ ኢሎም ከለዉ፣ ኣይተ እምነቱ ምስ ሞቱ ኸኣ፣ ህዝቢ፣ ኣይተ ወልደድንግል ዘልቅሱዎ ክሰምዕ ተሃንጠየ።

ሎሚ ኣይነግሮን

ክዓዶ ኢሎምኻ ንድበዮን ንቕበሮን
ሓያል ሰብኣይ ቀጥቅጦን እሰሮን
መኽርትኻ በሃምን ደንቁሮን
ሞያኻ ብዙሕ ኔሩ'ሞ ሎሚ ኣይነግሮን
ሎሚ ኣይነግሮን፣ ሎሚ ኣይነግሮን!

ጥራይ ኢሎም ስቕ ምስ በሉ ግን፣ ሰብ ሰንበደ። መዋቲ፣ ወዲ ዓዶምን ሹመኛ'ቲ ኸባብን ክንሶም ነዚኣ ኣልቂሶም ስቕ ምባሎም ክሳብ ክንደይ ተቐይሞም ከም ዝነበሩ ዘርኢ እዩ ኔሩ። ኣይተ ወልደድንግል ዘየልቀሱሉ ዓቢ እንዳ'ቦ፣ ኣሞራ ከም ዝበልዮ ይሕሰብ ስለ ዝነበረ፣ ኣይተ እምነቱ፣

[1] ቊርጮ = ንመቐመጢ ጨው በርበረ ዝጠቅም ንእሽቶ ስርሓት መሬት።
[2] ባይሩ፣ ወዲ ክንቲባ ያለው እዮም።

ዘዕግብ መልቀስ ኣይተ ወልደድንግል ብዘይ ምርካቦም ንቤተ ሰብ ዓቢ ውርደት ኮኖም። ካልኣይ ቀብሪ ተቼጽሩ ሞያኦም ዝነግር መልቀስ ምእንቲ ክገብሩሎም ከኣ፣ ነቲ ዝሓደሮም ቂምታ ንምድምሳስ፣ ቤተ ሰብ፣ ይቕረታ ከም ዝሓተቱዎምን ካሕሳ ናይታ ኳሕሳ ዝተባህለት ዝሓረዱሎም ላም ጋይላባ ትብሃል ላም ከም ዝሃቡዎምን ባሻይ ሓጐስ ዕቑባኡ ይገልጹ። እታ ኣብ ካልኣይ ቀብሪ ንኣይተ እምነቱ ዝገበሩሎም መልቀስ ድማ ከምዚ ትብል።

**ገደ**[1]

ገደ ከመይ ኢኻ ገደ
መስሓል ዝዓድኻ ዓዲ ዒደ[2]
ተከፍኒ[3] ዓድኻ ዓዲ ዒደ
ኡፍ ከይበሉዎ ዝነደደ
እንከይሰሓሉዎ ዝበለደ
ከየብልዑዎ ዝመንጐደ ።
ገደ ከመዓልካ ገደ
ዘማት ቦሪ በዓል እልፊ ጽዕደ
ዘማት መሳፍሮ ምድሪ ከይረፈደ፣
ኣንታ ዘይጕሀየ እንደኣለይ ብልበይ ፈሪደ
እምበር ደቂ ገዳይ እንዲና ደቂ ሓደ ልደ
ደቂ በዅራይ እንዲና ደቂ ሓደ ልደ
ይትረፍዶ ንኣኻ ናተይ ልደ
ንኻልእ'ኳ ዝኣቱ ንኢደ።
ገደ ከመዓልካ ገደ
ንኣይን ንኣኻን ዘካሓደ
ኢደይ ኣእሲሩ ኳሕላ ላመይ ዘሕረደ

---

[1] ገደ = ዝገበሮ ዘኾነሉ፣ መሰለጢ።

[2] ዓዲ ዒደ፣ ኣብ ማእከል መስሓል (ወደከለ) ዝርከብ ሓደ ኽፋል ናይታ ዓዲ እዩ።

[3] ባይቶ ተከፍኒ፣ ንሕቖ ዝድግፍ ምቒእ ኮፍ መበሊ ኣእማን ዘለዎ ባይቶ መስሓል (ወደከለ) ኾይኑ፣ ሓደ ኻብቲ ፍሉጥ ባይቶታት ቀደም ከም ዝነበረ ይዝረበሉ።

ኤህ በሉለይ ቀባራይ ከይከደ
ሸውዓተ ትውልዲ ሱሩ ትብደ።

ኣይተ ወልደድንግል፡ ነቶም ኣብታ ቐዳመይቲ መልቀስ ሓመድ ደብ ኣይተ እምነቱ "መኸርተኻ በሃምን ደንቈሮን" ኢሎም ዝጸረፉዎም ብላታ ገብረ፡ ምሒር ተቐይሞምሎም ስለ ዝነበሩ፡ ኣብዛ መልቀስ ካልኣይ ቀብሪ'ውን "ንኣይን ንኣኻን ዘካሓደ" ብምባል ካብ ርእሶም ኣይወረዱን።

✿

ኣይተ ወልደድንግልን ሓደ ፈታዊኦምን ቀስ ኢሎም እናዕለሉ ክዛወሩ ከለዉ ናይ መልቀስ ነገር ተላዒሉ፡ እቶም ፈታዊኦም፡ "ኣንቱም ዓርከይ፡ እዚ መልቀስሲ ምጽእ ምጽእ ድዩ ዝብለኩም ዋላስ ሓሲብኩሞ ኢኹም ትጸንሑ፧" ኢሎም ሓተቱዎም ኣይተ ወልደድንግል ከኣ፡ "ሰብ ምስ ሞተ እዩ ባዕሉ ምጽእ ምጽእ ዝብለኒ'ምበር መን ከም ዝመውት ፈሊጠ ደኣ'ሞ ኣቐዲመ ክሓስቦ" ክብሉ መለሱሎም። ከምዚ እናተበሃሃሉ ዝሞተት ኣድጊ ነፍ በለቶም'ሞ፡ "ክይሓሰብኩምሉ ሸው ዝመጸኩም እንተ ኾይኑ በሉ'ስኪ ነዛ ዘራእቲ እናበልዐት ንሓለውቲ ሞኾ ዘበለቶም ቀለመወይቲ ኣድጊ ኣልቅሱላ!" በሉዎም። ኣይተ ወልደድንግል ድማ፡ "ሰምዑ በሉ ዓርከይ!" ኢሎም ናብ መልቀሶም ኣተዉ ይብሃል።

ቀለሙ

ቀለሙ'ቲ ቐለሙ ቐለሙ
ሓላው እኽሊ ብኣኺ ሓሚሙ
ሓረስታይከዓ ብኣኺ ሓሚሙ፣
በዓል ስርናይ ኣብጺሓ መርገሙ
በዓል ስገም ኣብጺሓ መርገሙ
በዓል ሓንፈጽ ኣብጺሓ መርገሙ
በዓል ጣፍ'ውን ኣብጺሓ መርገሙ
ንስኸስ ሜትኪ ደቅኺ ይደገሙ።

✿

ኣብ መንጎ ኣንበሰተ ገለባን ኣኽራንን ኣብ ምቅታል ዘብጽሐ ምስሕሓብ ተላዒሉ፡ ኣኽራን ንኣንበሰተ ገለባ ሓጐስ ዝብሃሉ ሰብ ይቐትሉሎም'ሞ፡ ሃይሉ ዝብሃሉ ሓው መዋትን ባህልቢ ዝብሃሉ ወዲ መዋትን ሕነ ኽፈድዩ ኣስናኖም ይሕርቅሙ። ባህልቢ ወዲ ሓምም ሎሚ ኣይትጥዕመናን'ያ እናበሉዎም ከለዉ ኽኣ፡ ሃይሉ፡ ብታህዋኽ ሕነ ሓምም ክፈድዩ ፈቲኖም ንባዕሎም ተደጊሞም ተረፉ። ሃይሉ ተቐቲሉ ቅበሩና ተባሂሉ ኣውያት ምስ መጸም ድማ፡ ኣይተ ወልደድንግል ኣብ ኣንበሰተ ገለባ ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱ።

### ሃይሉ ቕብጥር

ሜትካዶ ሃይሉ ቕብጥር
እንካባኻስ ባህልቢ ይሃጥር
ዘይኽእሎ ነገር ዘይፍሕጥር፡
መጀመርታ ጋምስታ እንክትነጥር
ኣንበሳ ትመስል ላም ትዕምጥር፡
ኣኽራን ሕርቶ ገለባ ጠላጥል
ኩናት ጌሮምዶ ኣበሉኻ ግምጥል።

ባህልቢ'ታ ባህልቢ ባህልቢ
እንካብ ወትሩ መቑሕ ወትሩ ፈንጊ
እንካብ ወትሩ ነገር ወትሩ ሃገ
ተታሒዝኩም ኣቲኹም ናብ ጉቢ[1]
ሒደን ሰቲኻየን ዳንሾ[2] ሓቢ
'ዛ ነገርካስ ሎሚኣ ተጸቢ።

---

[1] ጉቢ = ጉድጓድ ።

[2] ዳንሾ (ዳንሶ) = ንመሰተዩ ማይ ወይ ካልእ ፈሳሲ ዝጠቅም ንእሽቶ ኣቕሓ መሬት ። ኣይተ ወልደድንግል "ዳንሾ ሓቢ" ክብሉ ኸለዉ'ምበኣር፡ ዳንሾ ምሉእ ፈውሲ ሓቢ ማለቶም'ዩ ።

ኣብ ጉሎ መኸዳ (ትግራይ) ክልተ ተሃላለኽቲ እንዳታት ኔሮምስ እቶም ሓደ እናበዝሐ ክኸዱ ኸለዉ እቶም ካልእ ኣይግድን ምስሳን ስኢኖም። እቶም ብዙሓት ነቶም ውሑዳት፣ ጓንጉልን ደረስን ዝብሃሉ ደቂ ንዝነበሩዎም ወልደገብርኤል ዝስሞም ሰብኣይ ቀተሉሎም'ሞ ብርቱዕ ሓዘን ኮነ። ኣይተ ወልደድንግል ከኣ፣

**ደምነትዶ ይበሊ**

ወልዳየ ወልዳየ ወለገብርኤሊ
ኣጥፍኡኻዶ ዓሰርተ መሓሊ
ለይትን ቀትርን እናገበሩ ግሊ
ደምካ ገበሩዎ ሕጻብ ጻሕሊ
ሰጋኻ ገበሩዎ ዝሓደረ ሓምሊ፣
እስኪ ጓንጉል ይቐኒ ደረስ ክብ ይበሊ
ዓይበት ክትጽዕኖም ዓይበት ኮሕሊ
ዓለባ'ምበር ደምነትዶ ይበሊ፤

ኮብሉ ኣብ ቀብሮም ኣልቀሱ።

ከምዚ ምስ ተባህለ፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ይኣክል ባእሲ ብጋር ተዳቐሱ ኢሎሞም ብጋር ተዓርቑ። ወዮም ኣቦኦም ከሞቱ ኸለዉ ንእሽቶ ዝነበሩ ደረስ ኣብ እዋን ጕብዝናኦም "ዓለባ'ምበር ደምነትዶይበሊ" ትብል መልቀስ ኣይተ ወልደድንግል እናኺሕኮሐት ድቃስ ትኸልኦም'ሞ ነቶም ብዙሓት እንዳ ንራኽብ ኢሎም ይልእኩሎም። እቶም ብዙሓት ተዓሪቕና ኢና ብዝብል ሓሳብ ነቲ ባእሲ ረሲዖሞ ስለ ዝነበሩ ብዘይ ስክፍታ ናብቲ መራኸቢ ቦታ መጹ። ደረስ፣ ካብ'ቶም ንርክብ ኢሎም ዝመጹ ሰባት ናይቲ ብዙሕ ወገን ብምኸሪ ይኹን ብሓይሊ ዝበርትዑ ዝነበሩ ክልተ ሰብኣይ ፈልዮም፣ ኣብ'ዚኣ ቐሩብ ክንዛተ ኢሎም ኣግለሉዎም። "እዚኣ ትጥጥሓልኩም ኣብ'ዚኣ ኾፍ በሉ፣ ንስኹም ከዓ ኣብ'ዚኣ፣" ኢሎም በዓል ደሓን ክመስሉ ኮፍ መበሊ ኣትሓዙዎም'ሞ ነጸላ ሽፈኖም ኣብ ቱሽቱሽም ቀርቂሮሞ ዝጸንሑ ሓጺር ጕመድ ኣውጺኦም መጀመርታ ነቶም ዝሓየሉ ክሳዶም ዘቢጠም ዕልው ኣበሉዎም። እቶም ካልኣይ ሰብኣይ በሊሕ'ኳ እንተ ነበሩ ሓንካስ ብምንባሮም ነቶም ሓደ ምስ ኣቃበጹ ክመጹዎም

ኢሎም እዮም ኣጽኒሖሞም። ፈንጠርጠር ምስ በሉ ኸኣ፡ "ኢታዮ ጽናሕ፡ ጥዑያት ከነውድቕ'ምበይ ናባኻ እና፧" ኢሎም ኣስዓቡዎም። ደረስ፡ ንኸልቲኦም ቀቲሎም ሕነ ምስ ፈደዩ ድማ፡ ኣይተ ወልደድንግል ከምዚ ዝስዕብ ማሰ በሉሎም።

### እንታይ ይዓብስ ጻዕቂ

ወዲ ሀላዌ እንዲኻ ዘይድየብ ጠውቂ[1]
ወዲ ወለገብርኤል ዘይድየብ ጠውቂ
ለከ ከምዙይኡ ውሉድ ሓቂ
ሜስ ኣስቲኻ ተሰብጥ[2] ኣረቂ
ኣብ ጕረሮኦም ትወግኦም ከም ምርቍ[3]
ለከ ከምዙይኡ'ታ ውሉድ ሓቂ
እኸልስ ይፍረ'ምበር እንታይ ይዓብስ ጻዕቂ!

❁

ብላታ ስብሓት ሓይላት ዝብሃሉ ቅድሚ ምምጻእ ጣሊያን፡ ኣብ ሓደ እዋን ሹመኛ ኣምበሰተ ገለባ ዝነበሩ ሀጡር ሰብኣይ ምስ ሞቱ፡ ኣይተ ወልደድንግል፡ ነቶም ንእንዳ ዳሽምን ነምበሰተ ገለባን ዝወለዱ ኣቢ.ብ፡ ደርጩን፡ ትንሱእ፡ ቡላን ሻኩርን ዝብሃሉ ኣቡላኅታት መዋቲ እናጠቐሱ ከምዚ ኢሎም ኣልቀሱሎም።

### ብላታ ስብሓት

ወዲ ኣቢ.ብ ወድኻ ደርጩን
ዓይኒ መኳንንቲ ከም መረጸን
ክበጽሓኻ ማርያማት ሃጺጸን
ኣብ ማይ ድጋም ጸበለን በጽቢጸን
ተመለሳ እስትንፋስ ቀቢጸን
ሓዘናልካ ዓው ኣቢለን ድምጸን

---

[1] ጠውቂ = ክትድይቦ ኣጸጋሚ ዝኾነ ጸዳፍ ቦታ።
[2] ተሰብጥ = ተጥዕም፡ ትስቲ።
[3] ምርቍ = ቅርኒብ ስገም ወይ ስርናይ።

በኽያልካ ገንበረን ልሒጸን
ኣይከኣላን ምስ እዝጊ ተቓጺጸን።

ኣታ ወዲ ሻኩር ወዲ ኣቢብ
እንዳ ንጉስ ደብተር እንክነብብ
ሽሕ መኰንን ክሰምዖ ዝኸብብ
ይበዝሑኒ ቢሉ ዘይቓብብ[1]
ሓደ ሰብኣይ ብዙሓት ዝሃብብ።

ኣንታ ወዲ ሻኩር ወዲ ትንሱእ
ብዙሓት ሓያላት ኢድ ዘንስእ
ኵብኵቡ ዘምጽኦም ከም መሓስእ።

ኣንታ ወዲ ቡላ ወዲ ሻኩር
ነፍጢ ቓዱ ብባሩድ ዝድከር
ላሜኒታጕራደ ብወርቂ ዝኹርኩር
ወዮ ብዘይካኻ ኸዓ ዘይምከር
ጽባሕ ሓሙስ ንሓውዜን ኣይትብኰር ።

ኣታ ወዲ ሻኩር ወዲ ቡላ
ኣብ እንዳ'ቦ እንክግበር ዋዕላ
ዘይትኣክል ንስኻ ዘይብላ
ዓንዲ ማእከል ንኺለው ቓቤላ
ተቐዲሕካ ዘይትነጽፍ ዔላ ።

ኣንታ ወዲ ገድሉ ወዲ ምሑር
ከም ኣንበሳ ዘለካ ሓራሕር[2]
ይበዝሑኒ ቢሉ ዘየድሓርሕር
ከም እዝግና ዝቐትል ዝምሕር።

❁ ❁ ❁

---

[1]ዘይቓብብ = ዘይደሃል፣ ዘይኛኽ፣ ዘይፈርህ።
[2]ሓራሕር = ሕርጎሕርጎ።

## *A wakeup call*

Many countries in the world honor their heroes and commemorate them eternally by erecting statues, naming streets, parks, schools, universities and all sorts of institutions in their names. Eritrea has failed to remember its heroes in all spheres of life and fields including statesmanship, military, scholarships, arts, literature, religion, music and sports. It would be too long to list all the great Eritrean personalities from antiquity to the present. Even the heroes of the last 50 years who have not been recognized and honored are very many.

I believe many will agree with me that Eritrea has many amazing individuals in history who have done something unique to their country in the field of politics, culture, education, sport etc, which we need to remember them for what they have done. It is disheartening though not to see biography books of Eritreans in the library shelves. Lately I have decided to open a section in my website that will be dedicated to the biography of individual Eritreans from all walks of life in history (*www.emnetu.com).*

To start with I have randomly established a list of possible candidates. I therefore ask you all to put additional names to the list and return it to me. The list has to accommodate only individuals who have passed away. In other words we will concentrate only on post mortem biographies. I will update the list when I hear from you. The list will remain open all the time for additional names.

If you are positive about this idea and you have the time I would challenge you all to write biographical sketch or find individuals who can be interested to write a biography on any in the list. If you come across anyone who has access to information but not ready to write, you can ask him/her to supply the information to me in any format (paper, diskette, gramophone dish, cassette, videos, photographs etc) so that I can send it to the one who is interested to write.

The size of the file is not important at all. What is important is remembering them and trying to document their history before it disappears all together. The size will be determined only by the amount of information available on these individuals. Of course the individuals in the list must have done something positive to the cause of our country or to the well being of our people and our culture.

Emnetu Tesfay